# ንኖርወይ ብመገሻ ምእታው

Artikkel/ኣብነት | መወዳእታ ዝተሓደሰሉ ዕለት: 25.09.2021

ናብ ተወሰኺ ተዳልዎ ዝተሰነየ መዓልታዊ ህይወት ኢና ንሰጋገር ዘለና። ንኖርወይ ብመገሻ ንምእታው ዝምልከቱ ቅጥዕታት ብዘገምታ ክእለዩ ኢዮም።

ካብ ሃገራት ክሊ ቁጠባዊ ምትሕብባር/ሸንገንን ካብ ደረጃ ሊላ ዝኾና ሃገራት (ብትካል ህዝባዊ ጥዕና ኩነታት ለብዐን ዝጋነን ኣይኰነን ተባሂለን ዝተገምገማ) ንኖርወይ ንዝኣትዉ ገያሾ ዝምልከት መገሻታት ቅጥዕታት ካብ ዕለት 25 መስከረም ሰዓት 16 ኣትሒዙ ክእለዩ ኢዮም። እዚ ማለት ከኣ ዜጋታት ሃገራት ክሊ ቁጠባዊ ምትሕብባር፡ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ንዝኾኑ ተቐመጥቲ ሃገራት ክሊ ቁጠባዊ ምትሕብባርን ዓባይ ብሪጣንያን ስዊዘርላንድን ንኖርወይ ክኣትው ይኽእሉ ኢዮም ማለት ኢዩ።

ንኖርወይ ብመገሻ ንምእታው ዝምልከቱ ቅጥዕታት ነቶም ካብ እዘን ኣቐዲመን ዝተጠቕሳ ሃገራት ወጻኢ (ኣብ ደረጃ ሓሙኹሽታይ ሕብሪ ንዝርከባ ሃገራት) ንዝኾኑ ዜጋታት ዛጊት ይምለከትዎም ኢዮም ማለት ኢዩ።

ነዞም ዝስዕቡ ሰባት ዝምልከትዎም ሓያሎ ስጉምቲታት ግና ኣለው፡

- ምሉእ ብምሉእ ዝተኸተቡ ወይ ዝሓለፋ ሸድሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ሓሚሞም ዝነበሩን ወጻእተኛታት፡ ብክረጋገጽ ዝኽእል ወረቐት ምስክር ኮሮና ከሰንዱ ዝኽእሉን፡ ምስ ፍታሕ ኤውሮጳዊ ሕብረት ርዑም ዝኾነ (jf. [vedlegg D til covid-19-forskriften/ጥብቈ መ ድንጋገ መምርሒ ኮቪድ-19 ተመልከት])
- ትሕተዕድመ ዝኾኑ ቈልዑ ምስ ብምኽንያት ወረቐት ምስክር ኮሮና ቅጥዕታት መገሻ ዘይምልከቶም ወለዶም ንኖርወይ ንዝገሹ
- ትሕተ ዕድመ ዝኾኑ ቈልዑ ካብ ብምኽንያት ወረቐት ምስክር ኮሮና ወጻኢ ቅጥዕታት መገሻ ዘይምልከቶም ወለዶም ንኖርወይ ንዝገሹ
- ኣብ ትካላት ምህሮ ሃገረ ኖርወይ ቦታ ማህደረ-ትምህርቲ ንዘለዎም ወጻእተኛታት ተማሃሮ
- ኣብ ትካላት ምህሮ ወይ ትካላት መጽናዕቲ ሃገረ ኖርወይ ብደረጃ ዶክተረይት ዝምሃሩ ወይ ኣብ መጽናዕቲ ዝዋፈሩን ወጻእተኛታት
- ኣብ ኖርወይ ንዝቕመጡ ኣባላት ስድራቤቶም እንተ ንክበጽሑ ወይ ክቕመጡ ዝመጽኡ ወጻእተኛታት፡
    - ብዳግመ ጥርናፈ ስድራቤት ንኖርወይ ንክኣትው ፍቓድ ዝተዋህቦም ወጻእተኛታት
    - ወጻእተኛታት ኲይኖም እንተ ሰብ ቃልኪዳን ወይ ምዝጉባት መጻምድቲ ወይ ሰብ ሓዳር/መናብርቲ ሓደ ኖርወያዊ ዜጋ ምስ ዝኾኑ፡ ወይ ውላድ ትሕተ ዕድመ/በጽሒ ኖርወያዊ ዜጋታት ምስ ዝኾኑ፡ ብሓባር ተቐመጥቲ ወጻእ ሃገር ኲይኖም ንኖርወይ ንምብጻሕ ምስ ዝመጽኡ ወይ ኣብ ኖርወይ ንክጽንበሩ ኢሎም ምስ ዝመጽኡ።
    - ወጻእተኛታት ኲይኖም እንተ ሰብ ቃልኪዳን ወይ ምዝጉባት መጻምድቲ/ሰብ ሓዳር/መናብርቲ ሓደ ዜጋ ሃገር ክሊ ቍጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳ ምስ ዝኾኑ፡ ወይ ውላድ ትሕተ ዕድመ/በጽሒ

ዜጋታት ሃገር ክሊ ቍጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳ ምስ ዝኾኑ፡ ብሓባር ተቐመጥቲ ወጻእ ሃገር ኲይኖም ንኖርወይ ንምብጻሕ ምስ ገያሻይ ሽቃላይ ዜጋ ሃገር ክሊ ቍጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳ ዝኾነ ምስ ዝመጽኡ ወይ ኣብ ኖርወይ ንክጽንበሩ ኢሎም ምስ ዝመጽኡ።

- ወጻእተኛታት ኲይኖም ዝቕመጥሉ ሃገር ይኹን ዜግነቶም ብዘየገድስ፡ ምስ ሓደ ተቐማጢ ኖርወይ ከምዚ ዝስዕብ ዝምድና ምስ ዝህልዎም፡ ሰብ ቃልኪዳን ወይ ምዝጉባት መጻምድቲ/ሰብ ሓዳር/መናብርቲ፡ ወይ ውላድ (ብኣቦ ይኹን ብኣደ/ብክልቲኡ ብዘየገድስ) ትሕተ ዕድመ/በጽሒ ወለዲ ትሕተ ዕድመ/በጽሒ፡ ኣባሓጐታት/ዓባያት/ደቂ ደቈም፡ ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ፍቑራትን ከምኡ እውን ትሕተዕድመ ደቈምን። [(ኣቐዲሞም ንኖርወይ ከም ፍቕራት ንብጻሕ በዚ ዝስዕብ ዝሓቱን ምስ ዝኾኑን/via en søknadsbasert ordning for forhåndssamtykke til kjærestebesøk)]()

- ምስ ቈልዑ ሓባራዊ ርክባት ንምክያድ ዝመጽኡ ወጻእተኛታት።
- ንኖርወይ ንምእታው ዘፍቅድ ፍሉይ መሰል ዘውህቡ ምኽንያታት፡ ከምኒ ፍሉይ ናይ ሓደ ተቐማጢ ኖርወይ ዝኾነ ሰብ ናይ ምንባይ ተሓታትነት ወይ ሓያሎ ሰብኣዊ ድሕነታዊ ሓልዮታት ምስ ዝህልውን
  - ሓተቲ ዑቕባን ብሕቡራት ሃገራት ንኖርወይ ዝመጽኡ ስደተኛታትን።

- ገለ ገለ ሞያውያን ጉጅለታት
  - ጋዜጠኛታት፡ ባሕረኛታትን ዓቕሚ ሰብ በረራን፡ ኣጐዓዓዝቲ ንብረትን ሰብን፡ ዲፕሎማሰኛታትን ኣባላት ሰራዊትን፡ ኣብ መፍረ ዓጋዜናት ዝዋፈሩ ብሄረ-ሳሚ፡ ተመራመርትን ባሕረኛታት ኣባላት ዓቕሚ ሰበምን

- ኣብ ኲቱር ኣገደስትን ኣድለይትን ተኣፈፍትን ሞያታት ሕብረተሰብናን መሰረታዊ ጠለባት ረብሓታት ሕብረተሰብና ንምሕላውን ዝነጥፉ ወጻእተኛታት

- መዕርፎ ነፈርቲ ኖርወይ ንዝዓልቡ ተሰጋገርቲ ወጻእተኛታት (በረራ ዓለምለኻውን ውሽጠ-ሽንገንን)

- ኣብ ዓለምለኻውያን ውድባት ዝዋፈሩ ሰራሕተኛታትን
- ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ሃገረ ኖርወይ ንዝዓልቡ ተሰጋገርቲ ወጻእተኛታት (በረራ ዓለምለኻውን ውሽጠ-ሽንገንን)
- ኣብ ስቫልባርድ ቈዋሚ ዝምቕማጦም ወይ እንተ ብስራሕ ወይ ንመንበሪኦም ቦታ ካብን ናብን ስቫልባርድ ንምንቅስቓስ ብመሬት ኖርወይ ንክሓልፉ ዝግደዱ ወጻእተኛታት ገያሾ

ብመሰረት ሕጊ ወጻእተኛታት ንኖርወይ ንምእታውን ኣብ ኖርወይ ንምጽናሕን ዝምልከት መሰል ሓፈሻዊ ቅድመኲነታት ግድን ክማላእ ኣለዎ። ከም ንኣብነት ንኖርወይ ንምእታው ቪዛ ክህልዎም ዘለዎም ወጻእተኛታት ቅድሚ ንኖርወይ ምብጋሶም ግድን ቪዛ ከሳልጡ ኣለዎም።

## ካብቶም ንኖርወይ ክኣትው ዝፍቀዶም ዲኻ፧

እቶም ንኖርወይ ዝኣትው ገያሾ ቅድሚ ንኖርወይ ምእታዎም ግዴታዊ ውሸባኦም ንምኽባር ኣድለይቲ ዝኾኑ ሓበሬታታት ግድን ክምዝግቡ ኣለዎም። ንገሊኦም ዝምልከት ጌና ግዴታዊ ዝኾነ ከማልእዎ ዘለዎም ቅድመ ኩነታት ከምኒ ግዴታዊ መርመራ፡ መገሻዊ ምዝገባን ውሸባን ኣሎ።

**መገሻዊ ውሸባ**
ንክውሸቡን ወይ ንክምርመሩን ግዴታ ዘለዎም ገያሾ ጥራሕ ንኖርወይ ኣብ ዝኣትዉሉ ክምዝገቡ ዘለዎም። ንክምዝገቡ ግዴታኦም ዘይኰነ ወለዲ፡ ንትሕቲ 16 ዝዕድሚኦም ደቖም ቀጥዒ መገሻ ክመልእሎም ይግደዱ። ምዝገባ ምስ ወዳኣካ ኣብ ፈታሽ ዶብ ንፖሊስ ዝርአ ቅብሊት ምዝገባ ይወሃበካ ኢዩ።

- [Gå til digital innreiseregistrering/**ንዲጂታላዊ ምዝገባ ኣብዚ እቶ**]()

ንምምዝጋብ ሓገዝ ዘድልየካ ኣንተድኣ ኰይኑ ንCall Center በዚ ቍጽሪ ስልኪ እዚ [+47 33 41 28 70]() ወይ በዚ ኢ-ሜይል እዚ ተወከስ፡ [support@entrynorway.no]()

# መገሻዊ ውሸባ

ካብ ደረጃ ሕብሪ ቀጠልያን ኣራንሽኒን ሃገራትን ከባብን ንዝመጽኡ ገያሾ መገሻዊ ውሸባ ኣይምልከቶምን ኢዩ፡ ካብ ደረጃ ሕብርታት ቅይሕን ደሚቕ ቀይሕን ሊላን (ትካል ህዝባዊ ጥዕና ዘየሰክፍ ኩነታት ለብዒ ኣለወን ዝብለን ሃገራት) ሓሙኹሽቶት ሃገራትን (ዝተረፋ ኩለን ሃገራት) ክውሸቡ ይግደዱ። እቶም **ምሉእ ብምሉእ ዝተኸተቡ** ሰባትን/[fullvaksinerte ]()ወይ **እውን ኣብ ውሽጢ ዝሓለፉ ሽድሽተ ኣዋርሕ ሕማም ኮሮና ሓሚሞም ንዝነበሩን ሕድገት ብምህላዎም ኣይምልከቶምን ኢዩ**። እዚ ግና ብክረጋገጽ ዝኽእል ወረቐት ምስክር ኮሮና ከሰንዱ ዝኽእሉን፡ ምስ ፍታሕ ኤውሮጳዊ ሕብረት ርዑም ዝኾነን ክኹውን ኣለዎ።

**ገያሻይ እንተ ኣብ ቤቱ ወይ ኣብ ብቑዕ መወሸቢ ቦታ** ኢዩ ክውሸብ ዘለዎ። **መገሻዊ ውሸባ ብመሰረቱ ን**10 **መዓልታት ዝጸንሕ ኰይኑ መርመራ**- PCR እንተቐልጠፈ ሰመስተ መዓልታት ድሕሪ ምታው ብምውሳድ ካብ ውሸባ ክውጻእ ይከኣል። **መርመራ**- PCR ምስ ዘይካየድ ውሸባ ን10 **መዓልታት ይጸንሕ**። ኣብ መወሸቢ ሆቴል ንክእቶ ዘሎ ቅድመ ኩነት ይእለ፡ ናይ ባዕልኻ ብቑዕ መወሸቢ ቦታ ምስ ዘይህልወካ ግና፡ ከም መወሸቢ ቀረብ ዕድል ይቕጽል።
ንትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን ዝምልከት ውሸባ ይእለ፡ እንተኾነ እቶም ቈልዑ ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት **መርመራ**- PCR ክውሰዱ ይግባእ።

- Kart over land/områder i Europa som viser karantene ved innreise (Folkehelseinstituttet)/ንኖርወይ ኣብ ዝእተወሉ እዋን ዝርዝር ካርታ ዘወሸበ ሃገራት/ትካል ህዝባዊ ጥዕና

- Innreisekarantene og regler ved ankomst til Norge -/**ንኖርወይ ኣብ ዝእተወሉ ዝምልከት ሕግታትን መገሻዊ ውሸባን**/Folkehelseinstituttet/ትካል ህዝባዊ ጥዕና

**ሸቃሎን ውሸባን**

ፍታሕ መመልከቲ ፍቓድ ብኣብያተጽሕፈት መጓዓዝያን መራኽቢታትን ባሕሪን ኣብያተጽሕፈት ሕርሻን ዝመሓደር ሓቲቶም ዝተዋህቡ ወጻእተኛታት ሸቃሎን ኣውፈርትን፡ ኈሾም ንኖርወይ ምስ ኣተው ኣብ ብሰበስልጣን ተቒጻጸርቲ ዕዮ ዘጽድቕሎም ብቑዕ መጻንሒ መወሸቢ ቦታ ኢዮም ዝውሸቡ።

**መመልከቲ ቅጥዒ ኣብዚ ብምእታው ተመልከት**/Se søknadsskjema på arbeidstilsynet.no

- ፍቓድ ሕድገታት ንኖርወይ ንምእታው ዝምልከት/ Søknad om unntak fra innreiserestriksjoner (Sjøfartsdirektoratet/ኣብያተጽሕፈት መጓዓዝያን መራኽቢታትን ባሕሪ)

## ግዴታዊ መርመራ

ካብ ደረጃ ሕብሪ ቀጠልያን ኣራንሽኒን ሃገራትን ከባብን ንዝመጽኡ ገያሾ ንክምርመሩ ዝምልከቶም ቅድመኩነት ይእለ፡ ማለት ሕማም ካብ ደረጃ ሕብሪ ቀጠልያን ኣራንሽኒን ሃገራትን ከባብን ንዝመጽኡ ገያሾ መገሻዊ ውሸባ ኣይምልከቶምን፡ ማለት ሕማም ኮሮና ዘየሕለፉን ዘይተኸትቡን ክሳብ ዘይኮኑ። ብክረጋገጽ ዝኽእል ወረቐት ምስክር ኮሮና ከሰንዱ ዝኽእሉን፡ ምስ ፍታሕ ኤውሮጳዊ ሕብረት ርዑም ዝኾነን ክኾውን ግድን ኢዩ። ንኹሎም ገያሾ ዝምልከት እንተልዩ፡ 24 ሰዓታት ቅድሚ ንኖርወይ ምእታዎም መርመራ ኮሮና ከካይዱ ኣለዎም ዝብል ቅድመ ኩነት ይእለ።

- Mer informasjon om testplikt (helsenorge.no)/ዝያዳ ሓበሬታታት ብዛዕባ ግዴታዊ መርመራ ንምርካብ ኣብዚ ተመልከት

### ስቫልባርድ

ጐዕዞ መገሻዊ ውሸባ ንስቫልባር ቅድሚ ምቕጻል መገሻዊ ውሸባ ኣብ መሬት ሃገረ ኖርወይ ንክካየድ ዝብል ቅደመ ኩነት ይቕጽል። ጐዕዞ ቅድሚ ንስቫልባርድ ምቕጻል ኣሉታዊ መልሲ ኮሮና ንክቕርብ ዝብል ዝነበረ ቅድመ ኩነት ይእለ።

**ፈታሽ ዶባትን መደበራት መርመራን**

- ንፈታሽ ዶባት በብሰለስተ ጽፍሕታት ብዘገምታ ከነቕንሶ ኢና። ኣብቲ ቐዳማይ ጽፍሒ እተን ፍቓድ ዝተዋህበን ልዕሊ 35 መሰጋገሪ ዶባት ጥራሕ ነቶም ፍሉይ ምኽንያታት ሕድገታት ዘይብሎም ንከሰጋግራ ክፍቀደን ኢዩ። ዝተዓጸዋ መሰጋገሪ ዶባት እተን ኣብ ዶብ ዝርከባ ንኡሳን-ዞባታት መርመራታት ክምርምራ ኣብ ዝኽእላሉ ደረጃ ምስ በጽሓ ክኽፈታ እየን።

- Kart med oversikt over grenseoverganger med teststasjoner (Helsedirektoratet/ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና)/ካርታ ዝርዝር መመርመሪ መደበራት ዘለወን መሰጋገሪ ዶባት

For grensekontroll av lystfartøy som ankommer Norge fra utlandet – se her/ፈታሽ ዶብ ካብ ወጻኢ ንኖርወይ ዝመጽኣ ተሸከርከርቲ ባሕሪ/ ኣብዚ ተመልከት

**ቊጽሪ ስልኪ ሓበሬታታት ብዛዕባ ንኖርወይ ንምእታው ዝምልከት ምምርማርን ውሸባን**

- ኣብ ውሽጢ ኖርወይ ምስ እትህሉ ኣብዚኣ ትድውል: 815 55 015
- ኣብ ወጻእ-ሃገር ምስ እትህሉ ኣብዚኣ ትድውል: +47 21 89 80 42